# ቅልዕቲ ደብዳበ ናብ ኣዳለውቲ ፌስቲቫል ካስል

ብመጀመርታ ነቲ ዘካየድክምዎ ብርራዊ ኢዮበለ ፌሰቲቫል ካስል ዘሎኒ ናእዳ ወሰን ከም ዘይብሉ ክገልጸልኩም ይፈቱ። ከምዝዝከር ኣብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ፈስቲቫል ናይ ክብር ዕድምቲ ኮይነ፡ ኣብ ቅድመኹም ቀሪበ መደረ ከስምዕ ተፈቂዱለይ ነቲ ዝተዋህበኒ ዕድል ተጠቂመ ሓሳበይ ከፍስስ ዕድል ተዋሂቡኒ፡ ኣብ  ህይወተይ ዓቢ ተመክሮ ኮይኑኑ ተተባቢዐን። ኣብቲ ፈሰቲቫል ንብዙሓት ሰባት ተላልየን ብዙሕ ዓይነት ተመክሮ ደሊበ። ብዙሓት ካብዝኣቶም ድማ ክሳብ ሕጂ ኢያታተይን ምዓድተይን ሃነጽተይን ኣጥርየ። ስለዚ ንዓይ ፌሰቲቫል ካስል ማለት ካብቶም ኣብ ህይወተይ ፍሉይ ጡብላሕታ ዝገደፉለይ ኣጋጣሚታት እየ እንተበልኩ ምግናን ኣይመስለንን። ንዓይ ፈስቲቫል ካስል ፍሉይ ትርጉም እዩ ዘለዎ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስክዎ ከምዘለዎ ኾይኑ፡ ነዚ ጽሑፍ'ዚ ንኽጽሕፍ ዝደረኸኒ ጉዳይ ክምለስ። ሓቂ እዩ ኣብዚ ብሩራዊ እዮበሊኹም ንኽካፈል ብኽብሪ ዕድመ ከምዝቕረበለይ፡ ብሰንኺ ዝነበረኒ ናይ ስድራቤት ጉዳይ ኣብዚ ታሪኻዊ ባዓል ክኻፈል ከምዘይክእል ነቶም ብኣካል ዝነግሩኒ ዝነበሩ ሰባት ሓቢረዮም እየ። እንተዋሓደ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ጽሑፍ ንኽዳሉ ተነጊሩኒ ምስቲ ዝነበረኒ ሕጽረት ግዜ ድማ፡ ነቲ ጽሑፍ ከዳሉ ኣይክኣልኩን። እቲ ዝደንጸወኒ ጉዳይ ግን፡ ኣነ ዘይጸሓፍክዎ ደብዳቤ ኣብቲ ዋዕላ ከምዝተነበ ሰባት ነጊሮምን፡ ደንጽዩኒ ትም ኢሉ። እዚ ከይኣክል ግን፡ እቲ ብኣይዘይተጻሕፈ ናኢ ደገፍ መልእክቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ግንባር ሓገራዊ ድሕነት ተለጢፉ ምስ ርኣኹ ግን ትም ክብል ኣይ ክኣልኩን። እቲ ዝተባህለ ጽሑፍ ኣብ ትሕዝትኡ ሽግር ስለዘለዎ ዶይኮነስ፡ ስለምንታይ ግን ከምኡ ክግበር ተደልዩ ክርድኣኒ ኣይካኣልን።

ኣብ ርእሲ'ዚ ድማ ከምሰብ ኣነ ዘይጸሓፍክዎ ነገር ክወጽእ ምርኣይ፡ ጽባሕ ንግሆ ድማ ካልእ ብስመይ ክጽሓፍ ምፍቃድ'ውን እዩ። ብመሰረቱ ድማ፡ ከም ሰብ ሰብኣዊ ክብረይ ምግሃስ ስለዘኾነ ትም ኢለ ክሓልፎ ሕልናይ ኣይ ፈቀደለይን። ስለዚ ነዚ ጉዳይ እቲ ዘምልከቶ ኣካል ንመሰለይ ስለዝግሃሰ ግቡእ መንገዲ መልሲ ክውሃበኒ ይሓትት። እዚ ማለት ግን ኣነ ነቲ ዝነበረ ፈስትቫል ዘሎኒ ኣኽብሮት ብምንም ምኽንያት ዘጉድሎ ጉዳይ ኣይኮነን።

እዚ ዝጽሕፈሉ ዘለኹ ምኽንያት እዚ ዓይነት ጉዳይ ከይልመድን፡ ኣብርእሲ'ዚ ድማ ሰብኣዊ መሰለይን ክብረይን ዝግህስ ስለዝኾነ እዩ። ብተወሳኺ ድማ ሰብ ነብሱ ንኽገልጽ ጥራይ ዘይኹነ ናይ ዘይምቅግላ መሰል ከምዘለዎውን ምርዳእ ኢዩ። ኣብ መወዳእታ እቶም ኣዳለውቲ እዚ ፈስቲቫል፡ ነዚ ቅሉዕ ደብዳቤ ብምርኣይ ግቡእ መልሲ ክህበኒ ይጽበ።

የቐንየለይ

ሜሮን እስቲፋኖስ